## ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ስራሓ ጀሚራ

ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ተወከልቲ ውድባት፡ ሰቪካዊ ማሕበረ-ሰባት፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ጋዜጠኛታትን፡ ኣብ ዝተረኽብሉ ብዕለት 16 ለካቲት 2010 ናይ መኽፈቲ ኣኼባ ከም ዝገበረት፡ ኣብ'ቲ ቦታ ብኣካል ዝተረኽበ ወኪል ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ ካብ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ዝተመዘት ሽማግለ፡ ዝተሰርሑን ክስርሑ ዘለዎም ኣመልኪታ መብርሂ ከም ዝሃበት፡ ብመሰረት እቲ ዝጸንሐ ሽግራት ብልዝብ ናይ ምፍታሕ ስሩት ባህሊ ኤርትራውያን፡ ነዚ ኣብ ቅድሜና ዝጸበየና ዘሎ ትግባረ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ሽቶኡ መታን ክወቅዕ፡ ናብ ሓፋሽ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ናብ ውድባት ሰቪካዊ ማሕበራትን ግዱሳትን ድማ ጻውዒታ ኣመሓላሊፉ።

## ኣብ ሱዳን ዝርከባ ናይ ኤርትራውያን ኣብያተ ትምህርትን ቤተ-ጸሎትን ብልኡኻት ህግደፍ ይሕመሳ ኣለዋ

ዓንዳሪ ወተሃደራዊ መንግስቲ ህግደፍ ድሕርቲ ባይቶ ጸጥታ ኣብ'ቶም ኣውራ ኣውራ ናይ'ቲ ጉጅለ ዝዓርፍ ዝተፈላለየ እገዳ ምንባሩ፡ ዝግብሮ ሓርቢትዎ ኣለው ዝበሃሉ ካድራቱ ኣብ ፈቖደኡ ኣዋፊሩ፡ ንገለ ብምድንጋር ንገለ ድማ ብምፍርራሕ ናይ ስልጣን ኣድሕኑ ጎስጓሳት የካይድ ኣሎ።

ህዝቢ ካብ ዝኾነ ይኹን መሰላት ኣጊዱ፡ ንከንቱ ሞት፣ ስክልና፡ ምፍልላይ፡ ድኽነትን ስደትን ፈሪዱ፡ ፖለቲካዊ ምስሊ ሃገር ዓይኑ፡ ናብ ናይ ተነጽሎ ደሴት ቀይሩ፡ ኣብ ዓሚቕ ፖለቲካውን ቁጠባውን ቅልውላው ረግሪግዋ ክነሱ፡ ባዕሉ ብትምክሕቲ ሰኺሩ ብዘምጸኦ መዘዝ ማሕበረሰብ ዓለም ድሕሪ ሓያል ትዕግስቲ ዘይምሕር በትሪ ምስ ኣዕረፈሉ፡ ነቲ ውሳኔ ብግልባጡ እንዳንበበ ንግሩሃት መጻኢ ዕድሎም ከበላሹ ኩሉ ዝከኣሎ ይገብር ኣሎ ክብሉ እሙናት ምንጭታትና ካብ ሱዳን ሓቢሮም።

ካብ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ዝዋፈሩ ወከልቲ ህግደፍ፡ ነቲ ኣብ ሱዳን ዝርከብ ብዓቕሚ ህዝብን ደገፍ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያንን ዝምወል ህዝባዊ ቤት ትምህርትን ከምኡውን ኣብ ኣብያተ ክርስትያናት እንዳኣተወ ብግዴታ ንውሳኔ ባይቶ ክቃወሙ ጸቕጢ ይገብር ኣሎ ክብሉ ገሊጾም።

ይኹን ደኣምበር ኮሚቴ ናይ'ቲ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ነቲ መምርሒ ተቐቢሎም ተማሃሮ ኣብ'ቲ ንዕለት 22 ለካቲት ክካየድ ዝዋደድ ዘሎ ሰላማዊ ሰልፊ ክሳተፉ ክሳማምዑ እንክለው፡ መማህራን ግን ናይ ህዝቢ ደኣምበር ናይ መንግስቲ ስለ ዘይኮና፡ ንውሳኔ ባይቶ ጸጥታ ብምቅዋም ንገብሮ ሰላማዊ ሰልፊ የለን ክብሉ ተቓዊሞሞ ኣለው። ብተመሳሳሊ ኣብ ኣብያተ ክርስትያን እንዳሚካኤን ኣቡነ ኣረጋውን ኣብ ጸሎት ንዝነበረ ህዝቢ ኣብ'ቲ ሰላማዊ ሰልፊ ክሳተፍ ትእዛዝ ከም ዘውረድሉ እንተኾነ እቲ ህዝቢ ዘዕግበቱ ከም ዝገለጸን ተፈሊጡ ኣሎ።

ሃገሩ ስኢኑ ኣብ ስደቱ'ውን ሰላም ዝሰኣነ ህዝቢ ንሕና ስደተኛታት ኢና፡ ሕጋዊ ናይ ስደተኛታት ወረቐት ድማ ኣለና ስለዚ፡ ኤምባሲ መንግስቲ ህግደፍ ዘዋፈሮም ሰላም ከሊኦምና፡ የፈራርሑና ኣለው ክብሉ ናብ ጉዳይ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም ዘመልከቱ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ናይ'ቲ ውድብ ድማ ናብ ልዕሊኦም ዘሎ ዝምልከቶ ኣካል ክሕብሩ ምኻኖም፡ ልኡኻት ህግደፍ ዝኾነ ጸቕጢ ኣብ ዝገበርሉ ድማ ናባናን ንፖሊስ ሱዳንን ክትሕብሩ ኣለኩም ከም ዝበልዎምን ኣረዲኦም።

ኣብ ስደት ዝርከቡ ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ ኣብ ሱዳን ዝቕመጡ ድማ ብፍላይ፡ ንጉጅለ ህግደፍ ንምድሓን ኣብ'ቲ ዝዋደድ ዘሎ ኣኼባታትን ሰላማዊ ሰልፍታትን ብምስታፍ፡ መጻኢ ዕድሎም ከየበላሸው ብዙሓት ወገናት የጠንቅቑ ከም ዘለው ዝፍለጥ'ዩ።

ዕለት 19.02.2010